1st current copy

RDC 1

# ነጋሪት ጋዜጣ ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ. 1. /1991/ ቁ. 1.

ዕለት 15 ወርሒ መስከረም ዓ.ም. 1991

ዋጋ ........10"

# ኣዋጅ 5

## መሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ

ክስርሓሉ ዝጸንሐ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ከከም ኣድላይነቱ እዞም ዝስዕቡ ምምሕያሻት፡ መተካእታታት፡ ምስራዛት ተጌሩሉን፡ ኩሉመ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምልከቱ ቃላት፡ ሐረጋት ኣስማት፡ ዕላታት ብግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተተኪኦምን፡ መሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ ተባሂሎም ካብ 15 መስከረም 1991 ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ክስርሓሉ ተኣዊጁ ኣሎ።

**መፈለምታ ኣርእስቲ**

ቀቅድሚ ዓንቀጽ 1 መፈለምታ ኣርእስቲ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ እዞም ዝስዕቡ ዓንቀጻት ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህ.ግ.ሐ.ኤ. ኣትዮም ይስርሓሎም።

**«ዓንቀጽ 1 ዕላማ**

ዕላማ ገበናዊ ስርዓት፡ ዝኾነ ክሱስ ብዘይ ጥርጥር ገበነኛ ምዃኑ ብመርትዖ ክሳብ ዝረጋገጽ ንጹህ ምዃኑ ብምሕላው፡ ፍትሓውን ስሉጥን መርመራን ዳንነትን ንምሃብ፡ ቅኑዕ ኣጠቓቕማ ሕጊ ንምርግጋጽ፡ ንጹሃት ሰባት ካብ ዘየድሊ ገበናዊ መርመራ ወይ ዳንነት ንምድሓን፡ ገበነኛታት ንምቕጻዕ፡ ሰባት ብሕጊ ንኽጉዓዙ ኣንጻር ገበናዊ ተግባራት ነቒሖም ከም ዝቃለሱ ንምግባር ኢዩ።"

"ዓንቀጽ 4 (3) ዳያኑ ናይ ዳንነት ስርሖም ብሙሉእ ናጽነት የካይዱ፡ ብዘይካ ብሕጊ ብኻልእ ስልጣን ኣይምርሑን።
ብዘይካ ዓንቀጽ 3፡ ዓንቀጻት 1—2 ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም።
ኣብ ዓንቀጽ 3 ትርጉም ወይ እቶም "ዋና ኣኽባር ሕጊ"፡ "ምኽትል ዋና ኣኽባር ሕጊ" ወይ "ጠቕላይ ዐቃቢ ሕግ፡ ምክትል ጠቕላይ ዐቃቤ ሕግ" "ዘይበጽሑ" ወይ "ኣካለመጠን ያልደረሰ" ዝብሉ ቃላት ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሾም ይስርሓሎም፡-

"ዋና ኣኽባር ሕጊ" ማለት እቲ ብመሰረት ንምጃም ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ ዝወጸ ኣዋጅ ዝተመዘዘ ዋና ኣኽባር ሕጊ ማለት ኢዩ ።

"ምኽትል ዋና ኣኽባር ሕጊ" ዝብል ቃል ንጹ ግ ኮይኑ ኣይ ስርሓሉን ።

"ዘይበጽሐ" ማለት ኣብ መንጎ 12ን 15ን ዓመት ዝዕድመኡ ሰብ ማለት ኢዩ ።

# ቀዳማይ መጽሓፍ

## ክለ-ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ፡ ክፍሊ ኣኽባር ሕጊ ፡ ፖሊስ

### ምዕራፍ 1 ፡ ክለ— ሀልጣን ኣብያተ ፍርዲ

ብዘይካ ዓንቀጽ 4ን5ን ዓንቀጻት 6—10 ከም ዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ።

ዓንቀጽ 4 ብኸምዚ ዝስዕብ ተማሓይሹ ይስርሓሉ ፡—

"ዓንቀጽ 4 (ሀ) ወተሃደራዊን ዘይወተሃደራዊን ኣብያተ ፍርዲ

1. ናይ ገበን ጉዳያት ዝርእዩ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ወተሃደራውን ዘይወተሃደራውን ይኽፈሉ ። ወተሃደራዊ ኣብያተ ፍርዲ ክልተ ኮይኖም ቃሕተዋይን ላዕለዋይን ቤት ፍርዲ ተባሂሎም ይጽውዑ ። ዘይወተሃደራዊ ኣብያተ ፍርዲ ከኣ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ፡ ናይ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኢዮም ።

2. ወተሃደራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ብኣባላት ሰራዊት ዝፍጸም ወተሃደራዊ ይኹን ዘይወተሃደራዊ ገበናትን ፡ እቲ ኣብ መስጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ካብ ዓንቀጽ296-353 ተጠቒሱ ዘሎ ኣንጻር ፅጡቓት ሰራዊትን ፖሊስን ዝፍጸም ገበናትን ይርኢ ።

3. ብኣባላት ሰራዊትን ብሲቪልን ብናይ ሓባር ገበናዊ ቶሳትፎ ዝቐርብ ክሲ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ይቐርብ ።

4 (ለ) ክለ-ስልጣን ቃሕተዋይን ላዕለዋይን ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ

1. ቃሕተዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ብኣባላት ሰራዊት

ዝፍጸም ካብ 10 መዓልቲ ክሳብ 3 ዓመት ፈኲሽ ማእሰርቲ ዘቕጽዕ ገበናት ይርእ ።

2. ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ብአባላት ሰራዊት ዝፍጸም ፡ ካብ 1 ክሳብ 25 ዓመት ጽኑዕ ማእሰርቲ ወይ ናይ ሕልፈት ጽኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ዘቕጽዕ ገበናት ይርእ ።

4 (ሐ) <u>ክለ-ስልጣን ዘይወተሃደራዊ አብያተ ፍርዲ</u>

1. እተን አብ ቀዳማይ ሰሌዳ ሳልሳይ ዓምዲ ናይዚ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት'ዚ ተጠቒሰን ዘለዋ አብያተ ፍርዲ ነቲ አብ ቀዳማይን ካልአይን ዓምዲ ናይቲ ሰሌዳ ተጠቒሱ ዘሎ ገበናት ናይ ምርአይ ስልጣን አለወን ። ይኹን እምበር ፡ እቲ አብ ቀዳማይ ሰሌዳ ካብ ዓንቀጽ 296 ክሳብ 353 አብ ቀዳማይን ካልአይን ሳልሳይን ዓምድታት ተጠቒሱ ዘሎ ዝርዝራት ንጹግ ኮይኑ አይሰርሓሉን ።

2. እቲ ሚኒስተር ነቲ ቀዳማይ ሰሌዳ ብአብ ነጋሪት ጋዜጣ ዝተሓትመ ትእዛዝ ክለውጦ ወይ ክመሓይሾ ይኽእል ።

4 (መ) <u>አብያተ ፍርዲ አብ አብያተ ማእሰርቲ ናይ ምእታው ስልጣን ከምዘለዎም</u>

አብያተ ፍርዲ አብ ዝኾነ እዋን አብ ቤት ማእሰርቲ ይኹን ቅዩዳት አብ ዝርከብሉ ቦታታት አትዮም እሱራትን ቅዩዳትን ብሕጋዊ አገባብ ከምዝተሓዙ ናይ ምርግጋጽ ስልጣን አለዎም ።

4 (ሰ) <u>ብዘይካ አብያተ ፍርዲ ካልእት ትካላት ናይ ምፍራይ ስልጣን ከምዘይብለን</u>

ግሉጽ ዝኾነ ካልእ ሕጊ ክሳብ ዘየለ ፡ ንወተሃደራዊ ሕጋጋት ገምልከት ዲሲፕሊን ምጥሓስን በደል ምፍጻምን ገዲፍካ ፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብገበናዊ ሕጊ ዘቕጽዕ ገበን አብ ክፍጽመሉ ግዜ ፡ ብዘይካ አብዞም አብዚ ገበናዊ ስርዓት'ዚ ተመዘዞም ዘለዉ አብያተ ፍርዲ ብዝኾነ ይኹን ካልእ ትካል ክፍረድ አይኽእልን ።
ዓንቀጽ 5 (2) ንጹግ ኮይኑ አይሰርሓሉን ።

# ካልኣይ መጽሓፍ

ክሲን መርመራን

ቀዳማይ ኣርእስቲ

ምጅማር ክሲን መርመራን

ምዕራፍ 1፡ መስርሕ ፍትሒ

ብዘይካ ዓንቀጽ 12፡ ዓንቀጻት 11—21 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 12 ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ምዕራፍ 2፡ ናይ ፖሊስ መርመራ

ብዘይካ ዓንቀጽ 28፡ 39፡ ዓንቀጻት 22—39 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 28 (1) ኣብ መወዳእታ እዚ ዝስዕብ ሙሉእ ሓሳብ ተወሲኽዎ ይስርሓሉ ።

"እቲ ብዋሕስ ንክትልቀቕ ከም ትሕጃ ዝኽፈል ገንዘብ ካብ 5000 ብር ክልዕል የብሉን ።"

ደድሕሪ ዓንቀጽ 28 (1) እዚ ዝስዕብ ሓዲሽ 28 (2) ተወሲኹሉ ይስርሓሉ ።

"28 (2) ጥርጡር ኣባል ሰራዊት ምስ ዝኸውን፡ እሞ መርመራ ኣብ 28 (1) ዘሎ ኵነታት ዘማልእ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ኣብ ኣሃድኡ ኮይኑ ጉዳዩ ንኸከታተል ክለቆ ኣለዎ ። ዓንቀጽ 28 (2) ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ፡ ዓንቀጽ 28 (3) ተባሂሉ ይስርሓሉ ። ኣብ ዓንቀጽ 39 (1) ለ እቲ "ትሽዓተ ዓመት" ወይ "ከዘጠኝ ዓመት" «ዝብል ሓረግ ብ12 ዓመት» ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 3፡ ምምስራት ክሲ

ብዘይካ ዓንቀጻት 42 (1) (መ)፡ 42 (3)፡ ዓንቀጻት 40—48 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ኣብ ዓንቀጽ 42 (1) (መ)ን 42 (3) እቲ "ሚኒስተር" ዝብል ቃል ብ"ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ" ተኪኡ ይስርሓሉ ።

# ካልኣይ ኣርእስቲ

## መርመራ ክሳብ ዝካየድ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምትታት

### ምዕራፍ 1፡ ቀይዲ

ብዘይካ ዓንቀጽ 51 (1) (ረ)፡ ዓንቀጽ 53 (1)፡59 (3)፡ ዓንቀጻት 49—59 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ዓንቀጽ 51 (1) (ረ) ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 53 (1) "እቲ ጠቕላይ ግዛት" ዝብል ቃል "ብከባቢ" ዝብል ቃል ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 59 (3) ኣብ መወዳእታ እዚ ዝኸተል ሙሉእ ሓሳብ ተወሲኽዎ ይስርሓሉ ፡ "ኩሉ ምሉ ተደሚሩ እቲ ናይ ቀይዲ ግዜ ካብ 28 መዓልቲ ክልዕል የብሉን ።"

### ምዕራፍ 2፡ ንምቕያድ ዘወሃብ ተወሳኺ ግዜ

ዓንቀጻት 60—62 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም፡ ይድሕሪ ዓንቀጽ 60 ግን እዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ 42 ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህግሓኤ ኣትዩ ይስርሓሉ ።

"ዓንቀጽ 42፡ ኣተሓሕዛ ቀዩዳት

1. ቀዩዳት ምስ ገበነኛታት ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ቦታ ክተሓዙ የብሎምን ።
2. ዝተፈላለየ ጾታ ዘለዎም ቀዩዳት ብሓንሳብ ክተሓዙ የብሎምን
3. ቀዩድ ገንዘብ እንተልይዎ ብገንዘቡ ዘድልዮ መግብን ወልፍን ክዳውንትን መንጸፍን ክገዝእን ክምጽእን ይኽእል ኢዩ ። ንመርመራ ዕንቅፋት ዘምጽእ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዚ መሰል'ዚ ክንፈግ ይከኣል ።
4. ቀዩድ ኣብ ዝተወሰነ እዋናት ምስ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ክራኸብ፡ ደብዳበ ክጽሓሓፍ፡ መጻሕፍትን ጋዜጣን ገዚኡ ኮይኑ ተለቂሑ ከንብብ ይኽእል ። ንመርመራ ዝዕንቅፍ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ነቲ ቀዩድ እዚ ዝተጠቕሰ መሰላት ክንፈግ ይኽእል ። እቲ መርማሪ ነቲ ዝኣቱ መጻሕፍትን ጋዜጣን ነቲ እቲ ቀዩድ ዝጽሕፎ ደብዳበታት ኪቆጻጸሮ ይኽእል ኢዩ ።

5. ቅዩድ ምስ መዓልታዊ መነባብሮኡ ዝተዛመደ ስራሓት እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ስራሓት ንኪሰርሕ ኣይግደድን።

ደድሕሪ ዓንቀጽ 61 ድማ እዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ 13 ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህግሓኤ ኣትዩ ይስርሓሉ።

ዓንቀጽ 13፡ ጠበቓ ዘየቐመ ቅዩድ ወይ ክሱስ

1. ጠበቓ ወይ ካልእ ክውክሎ ዝኽእል ሰብ ክገብር ዘይክኣለ ድኻ፡ ዓገስ ወይ ጸማም ወይ ዘይበጽሐ ክሱስ፡ ቤት ፍርዲ ጠበቓ ይእዝዘሉ።

2. ብቤት ፍርዲ ንድኻ ክጣበቐሉ ዝተኣዘዘ ጠበቓ ካብ መነባብሮኡ ንላዕሊ ዘድልዮ ክፍሊት ክሓትት ኣይኽእልን። ድልየቱ ምስ ዝኸውን ከኣ ብናጻ ክጣበቕ ይኽእል።

ምዕራፍ 3፡ ኣፈሪምካ ብዋሕስ ምልቃቕ

ዓንቀጻት 63 - 79 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም።

# ሳልሳይ መጽሓፍ

## ናይ መፈለምታ መርመራን ናብ ድንነት ምቕራብን

ዓንቀጻት 80 - 93 ብሙሉኦም ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን። ኣብ ዝኾነ ዓንቀጽ ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት "ናይ መፈለምታ መርመራ" ዝብል ሓረግ ምስ ዘጋጥም ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን።

# ራብዓይ መጽሓፍ

## ድንነት

ምዕራፍ 1፡ ሓፈሻዊ ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 94 - 98 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም፡ ቀቅድሚ ዓንቀጽ 94 ግን እዞም ዝስዕቡ ዓንቀጻት 6 - 7፡ ተመሓይሾም ዝቐረቡ ዓንቀጻት 19፡20፡21 ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህግሓኤ ኣትዮም ይስርሓሎም፡

" ዓንቀጽ 6፡ ድንነት ንህዝቢ ክፉት ክኸውን ከምዘለዎ

1. ድንነት ኣብ ንኹሉ ህዝቢ ክፉት ዝኾነ ቤት ፍርዲ ይካየድ።

2. ኣብ ግዜ ድንነት ዝኣትዉ ሰባት ዝበጽሖ ክኾኑ ኣለዎም ። ዘይ በጽሐ ሰብ ንምስክርነት ኣብ ዝኣትወሉ ኣጋጣሚ ፡ ድሕሪ ምም ስካሩ ብቑጽበት ከም ዝወጽእ ይግበር ።

3. ኣብ ቤት ፍርዲ ዝኣትዉ ሰባት ስነ-ስርዓትን ጸጥታን ንምሕላው ቤት ፍርዲ ዝሓቶ ግቡእ ክማልኡ ኣለዎም ።"

"ዓንቀጽ 7 ፡ ድንነት ዕጹው ዝኾነሉ ኩነት

1. ጸጥታ ናይቲ ኣካባቢ ንምሕላው ይኹን ብስነ-ምግባራዊ ምኽን ያት ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ምስጢር ምሕላው ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ፡ ነቲ ክሰምዕ ዝመጽእ ህዝቢ ፡ ኣብ መንጎ ወይ ካብ መጀመርያ እትሒዘ ካብ ቤት ፍርዲ ተምውጹእ ነቲ ጉዳይ ብዕጹው ክሰምዖ ይኽእል ኢዩ ። ይኹን እምበር ፡ ኣብ ከምዚ ብዕጽው ዝካየድ ድንነት ውሱናት ዝተመዘዙ ሓለፍትን ኪኢላ ታትን ክኣትዉ ይኽእሉ ኢዮም ።

2. እቶም ኣብ ዕጹው ድንነት ክኣትዉ ዝተፈቕደሎም ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ድንነት ዝሰምዕ ብምስጢር ንኽሕዝዎ በቲ ዳኛ መጠንቀ ቕታ ክወሃቦም ኣለዎ ፡ ሳዕቤን ናይ ምስጢር ዘይምዕቃብ እውን ክግለጸሎም ኣለዎ ።

3. ስለምንታይ እቲ ድንነት ኣብ ዕጹው ክግበር ከምዝተወሰነ እቶም ዳያኑ ብቑዕ ምኽንያት ከቕርቡ ኣለዎም ፡ እቲ ዝተዋህበ ምኽን ያት ብቑዕ ኮይኑ እንተዘይተሰሚዕዎም እቲ ክሱስ ወይ ኣኽባር ሕጊ ነቲ ውሳኔ ይግባይ ክብልሉ ይኽእሉ ። እቲ ይግባይ ከም ሓደ ምኽንያት ናይ ይግባይ ድሕሪ ፍርዲ ክቐርብ ይኽእል ።

4. ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ፡ ጉዳያት ፡ ፍሉይ ፍቓድ ካብ መን ግስቲ እንተዘይተዋሂቡ ኣብ ዕጹው ይርኣ ።

ዓንቀጽ 19 ፡ ዳያኑን ኣኽበርቲ ሕጊን ካብ ሓደ ዝሓዝዎ ጉዳይ ዘል ግስሉ ኩነታት

ዳያኑን ኣኽበርቲ ሕጊን ፡ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ፡ ብወለን ትኦም ካብቲ ቀሪቡሎም ዘሎ ጉዳይ ምርኣይ የልግሱ ፡ ብወለንትኦም ምስ ዘየልግሱ ግን ፡ ክሳሲ ወይ ተኸሳሲ ንኽልግሱ ቅርዓን ክቕርብ ይኽእል ።

ሀ- እቲ ዳኛ ወይ ኣኽባር ሕጊ ኣብቲ ጉዳይ ረብሓ ዘለዎ ወይ

ብዱል ምስ ዝኸውን ፡ ወይ ናይ ቀረባ ዘመድ ናይቲ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ፡ ወይ ዘመድ ወኪል ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ምስ ዝኸውን ።

ለ- እቲ ዳኛ ወይ ኣኸባር ሕጊ ኣብቲ ጉዳይ ኣቐዲሙ ተሳቲፉ ምስ ዝነብር እሞ ተሳታፍነቱ ንፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ናይቲ ጉዳይ ብኣሉታ ዝጸልዎ ምስ ዝኸውን ።

ዓንቀጽ 20 ፡ <u>ውሳኔ ጥርዓን ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ</u>

ዳያኑ ወይ ኣኸበርቲ ሕጊ በቶም ኣብ ዓንቀጽ 19 ተዘርዚሮም ዘለዉ ምኽንያታት ብወለንተኦም ብዘይምልጋሶም ብኸሳሲ ይኹን ብኽሱስ ዝቐረበ ጥርዓን ምስ ዝህሉ :-

ሀ- ዳያኑ ምስ ዝኾኑ ብኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ቤት ፍርዲ ይውሰን ። ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስ ዝኾኑ ብፕረሲደንት ፡ ፕረሲደንት ምስ ዝኸውን ድማ ብመንግስቲ ይውሰን ።

ለ- ኣኸበርቲ ሕጊ ምስ ዝኾኑ ብኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ኣኸባር ሕጊ ይውሰን ፡ ዋና ኣኸባር ሕጊ ምስ ዝኸውን ብመንግስቲ ይውሰን።

ዓንቀጽ 21 ፡ <u>ካልኦት ምልጋስ ጉምልከቶም ሰባት</u>

1. ዓንቀጽ 19 ኣብ ልዕሊ መርመርቲ ፡ ጸሓፍቲ ፡ ተርጎምቲ ፡ ኤክስፐርት መሰኻኽር እውን ተፈጸምነት ኣለዎ ።

2. ብወለንተኦም ኣብ ዘየልግሱሉ ፡ ብጥርዓን ከሳሲ ወይ ክሱስ ናብ ጉዳይ ቀሪቡሉ ዘሎ ቤት ፍርዲ ወይ ኣኸባር ሕጊ ቀሪቡ ይግባይ ዘይብሉ ውሳኔ ይወሃብ ።

<u>ምዕራፍ 2 ፡ ናይ ድንነት ቦታ</u>

ዓንቀጻት 99 - 107 ፤ ምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 3 ፡ <u>ክሲ</u>

ብዘይካ ዓንቀጽ 109/4/ ፡ ዓንቀጻት 108 - 122 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 109/4/ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ።

"ዓንቀጽ 109/4/ ነቲ ክሱስ ፡ ብናጻ ብዘይ ገለ ክፍሊት ፡ ቅዳሕ ናይ ነፍሲ ወከፍ ክሲ ምስ መርትዖታትን መግለጺኡን ፡ ምስ ዝርዝር ኣስማት ናይ ዝቐረቡ መሰኻኽር ፡ ምስ ዝርዝር ናይ ዝንበቡ ደኩመንትታትን ኣግዚብትን ክወሃቦ ኣለዎ ። "

ምዕራፍ 4 ፡ <u>ድንነት</u>

ብዘይካ ዓንቀጽ 143/1/3/ ፡ ዓንቀጽ 145/1/ ፡ ዓንቀጻት 123 - 149 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ዓንቀጽ 143/1/ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ፦

"ዓንቀጽ 143/1/ ቤት ፍርዲ ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ፡ ዘይቀረቡ መሰኻኽር ወይ ኣገደስቲ መርትዖታት ዝብሎም ብናቱ ተበግሶ ቀሪቦም ከምዝምርመሩ ክገብር ይኽእል ።"

ዓንቀጽ 143 /2/ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 143 /3/ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 145 /1/ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ።

"ዓንቀጽ 145 /1/ ቤት ፍርዲ ኪንበብ እንተዘይወሲኑ ፡ ኣብ መርመራ ዝተመዝገበ ቃላት ናይ መሰኻኽር ፡ ናይ ክሱስን መኻስስቱን ፡ ናይ ኤክስፐርትታትን ኣብ ቤት ፍርዲ ክንበብ ኣይፍቀድን ። ኪንበብ ዝፍቀድ እቶም ዝተመርመሩ ሞይቶም ወይ ብጽኑዕ ሕማም ወይ ብኻልእ ዕቱብ ምኽንያት ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ቃሎም ኪህቡን ኪሕተቱን ዘይኽእሉ እንተኾይኖም ፡ መሰኻኽርን ኤክስፐርትታትን ብዘይ ሕጋዊ ምኽንያት ኣብ ቤት ፍርዲ ቃሎም ምሃብ እንተኣብዮም ፡ እንተድኣ ኣኽባሪ ሕጊን ክሱስን እቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝግበር ቃል-መርመራ ናይ ቶም ምቕራብ ዝኣበዩ መሰኻኽርን ኤክስፐርትታትን ብንባብ ናይቲ ኣብ መርመራ ዝሃብዎ ቃላት ኪትካእ ተሰማሚዖም ኢዩ ።"

ዓንቀጽ 145 /2/ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 5 ፡ <u>ግላዊ ክሲ</u>

ዓንቀጻት 150 - 153 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 6 ፡ <u>ብዱል ኣብ ገበናዊ ክሲ</u>

ዓንቀጻት 154 - 159 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ካልኣይ ኣርእስቲ

## <u>ፍሉይ ስርዓት</u>

ምዕራፍ 1 ፡ <u>ተኸሳሲ ኣብ ዘይብሉ ዝካየድ ስርዓት</u>

ዓንቀጻት 160 - 166 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2፡ ኣብ ናይ በደል ጉዳያት ዝካየድ ስርዓት

ዓንቀጻት 167 - 170 ኪምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ፡፡

ምዕራፍ 3፡ ኣብ ናይ ዘይበጽሑ ጉዳያት ዝካየድ ስርዓት

ዓንቀጻት 171 - 180 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ፡፡

# ሓሙሻይ መጽሓፍ

## ይግባይን ተኸሳሲ ኣብ ዘይብሉ ንዝዋሃብ ፍርዲ ንምስራዝ ዝቐርብ ጥርዓንን

### ቀዳማይ ኣርእስቲ

### ይግባይ

ብዘይካ ዓንቀጽ 181 /2/፡ ዓንቀጽ 182፡ ዓንቀጽ 183 ፡ ዓንቀጽ 188 /1/፡ ዓንቀጽ 195፡ ዓንቀጻት 181 - 196 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ፡፡

ዓንቀጽ 181 /2/ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ፡፡ ዓንቀጽ 181 /1/ ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ፡፡

ዓንቀጽ 182 ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ፡-

" ዓንቀጽ 182 ይግባይ ናይ ምርኣይ ክሊ-ስልጣን ዘለዎም ኣብያተ ፍርዲ

1. ይግባይ ካብ ፍርዲ ናይ
   ሀ- ወረዳ ቤት-ፍርዲ ናብ ስልጣን ናይ ቦታ ዘለዎ ናይ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ፡
   ለ- ኣውራጃ ቤት-ፍርዲ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፡
   ሐ- ታሕተዋይ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ናብ ላዕለዋይ ወተሃደ ራዊ ቤት-ፍርዲ
   መ- ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ወተሃደራዊ ይኹን ዘይወተሃደራዊ ናብ ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ፍሉይ ጉጅለ ዳያኑ ይቐርብ ፡፡

2. ኣብ ሓደ ጽፍሒ ኣብያተ-ፍርዲ ሓደ ጉዳይ ተሰሚዑ ፍርድን ብይንን ( መቕጻዕቱን ) ምስ ተዋህቦ ዝተረትዐ ከሳሲ ወይ ተኸ ሳሲ ይግባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ ፡፡ እቲ ይግባይ ዝሰምዐ ቤት-ፍርዲ ንናይ ታሕተዋይ ቤት-ፍርዲ ፍርድን ብይ ንን ( መቕጻዕትን ) እንተድኣ ኣጽዲቑዎ ፡ ነቲ ይግባይ ኢሉ ዝተረትዐ ወገን ብዝምልከት እቲ ጉዳይ ይዕጾ ፡፡

3. እቲ ይግባይ ዝሰምዐ ቤት-ፍርዲ ንናይ ታሕተዋይ ቤት-ፍርዲ ፍርድን ብይንን ( መቑጸዕትን ) ወይ ነቲ ብይን ( መቕጸዕቲ ) ጥራይ እንተድአ ቀይርዎ፣ እቲ ኣብ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ረቲዑ ዝነበረ ወገን ናብ ልዕለኡ ዘሎ ቤት ፍርዲ ይግባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን ። ይግባይ ተሰሚዑ ቤት-ፍርዲ ፍርዱ ምስ ሃበ፣ ኣብዚ መድረኽ ናይ ክልቲኦም ናይ ይግባይ መሰላት ስለ ዝጸንቀቐ እቲ ይግባይ ይዕጾ ። ”

ዓንቀጽ 183 ብሙሉኡ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 188 /1/ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ። ዓንቀጽ 188 /2/3/4/ 5/ ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ደድሕሪ ዓንቀጽ 195 /2/ (ለ) /2/ እዚ ዝስዕብ ሓዲሽ 195 /2/ (ለ) /3/ ተወሲኽዎን ተመሓይሹን ይስርሓሉ :-

“195 /2/ (ለ) /3/ እቲ ይግባይ ብኽሱስ ዝቐረበ እንተድኣ ኮይኑ ቤት ፍርዲ ነቲ ብይን (መቕጹዕቲ)ካብቲ ናይ ቅድም ክዛይዶ ኣይኽእልን ”

ደድሕሪ 195 /2/ (መ) እዚ ዝስዕብ ሓዲሽ 195 /2/ (ሰ) ተወሲኹ ዎን ተመሓይሹን ይስርሓሉ ።

“195 /2/ (ሰ) እቲ ይግባይ ብኽሱስ ዝቐረበ እንተድኣ ኮይኑ ቤት ፍርዲ ነቲ ብይን (መቕጸዕቲ) ካብቲ ናይ ቅድም ክዛይዶ ኣይ ኽእልን ። ”

ዓንቀጽ 195 /3/ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ። ኣብ ክንዲ ናይ ቅድም 195 /3/ እዚ ዚስዕብ ዓንቀጽ 86 /2/ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህግሓሐ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

“ዓንቀጽ 86 /2/ እቲ ናይ ይግባይ ቤትፍር ዲዋላ ’ውን ይግባይ ኣብ ዘይተባህለሎም ሕቶታት እንተድኣ መግሃስ ናይ ገበናዊ ስርዓት ወይ ገበናዊ ሕጊ ርእዩ ውሳኔ ክህበሎም ይኽእል ኢዩ።”

## ካልኣይ ኣርእስቲ

## ተኸሳሲ ኣብ ዘይብሉ ንዝወሃብ ፍርዲ ንምስራዝ ዝቐርብ ጥርዓን

ዓንቀጻት 197 - 202 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ሓምሻይ መጽሓፍ

### ኣፈጻጽማ ብይን ( መቕጻዕቲ )

#### ምዕራፍ 1 ፡ ሓፈሻዊ ዓንቀጻት

ብዘይካ ዓንቀጽ 204/1/ ፡ 205 /1/ ፡ 207 ፡ 213 /3/ ፡ ዓንቀጻት 203 - 215 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 204 /1/ እቲ "ግርማዊ ንጉሰ ነገስት ፍርድ እስኪያጸኑ" ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ብ" መራሒ መንግስቲ ነቲ ፍርዲ ክሳብ ዘጽድቖ" ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

ኣብ ዓንቀጽ 205 /1/ እቲ " በአንድ ቦታ እንዲወሰን " ዝብል ሓረግ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 207 ብሙሉኡ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 213 /3/ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ። ዓንቀጽ 213 /1/ /2/ ግን ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

#### ምዕራፍ 2 ፡ ምልዋጥ ናይ ምስ ብይን (መቕጻዕቲ) ዝተዛመዱ ትእዛዛት

ብዘይካ ዓንቀጽ 216 /2/ (ሀ) ፡ ዓንቀጻት 216 - 217 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 216 /2/ (ሀ) ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ፤

ዶድሕሪ ዓንቀጽ 217 ፡ እዚ ዝስዕብ ዓንቀጻት 90ን 91ን ናይ 8ይ ክፋል ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣትዩ ይስርሓሉ ።

### 8ይ ክፋል ፡ ዳግም ምርኣይ ፍርዲ

#### ዓንቀጽ 90 ፡ ዳግመ ምርኣይ ፍርዲ ዝፍቀደሉ ኩነታት

በዞም ዝኽተሉ ፍሉያት ኩነታት ዝተፈርዱ ጉዳያት እንደገና ክረኣዩ ይኽእሉ ፡-

1. እቲ ፍርዲ ብናይ ሓሶት ምስክር ወይ ብናይ ሓሶት ናይ ኪኢላ ርእይቶ ፡ ወይ ብዝተተምየነ ጽሑፍ ( ሰነድ ) ዝተዋህበ እንተ ኾይኑ ፤
2. እቲ ዝተዋህበ ፍርዲ ውጽኢት ናይ ገበናዊ ተግባራት ወይ ናይ

ስልጣን ብዘይ ቅጥዒ ምጥቃም ናይ ኣባላት ምምሕዳር ፍትሒ ምስ ዝኸውን ፡

3. ነቲ ዝተፈርደ ሰብ ናጻ ክውጽእ ዘኽእሉ ሓደሽቲ ሓቅታትን መርትዖታትን እንተቐሪቦም ፡

4. እዚ ካብ ንኡስ ዓንቀጽ 1 ክሳብ ንኡስ ዓንቀጽ 3 ዘሎ ኩነታት ክረአ ዝከኣል እቲ ክሱስ ባዕሉ ወይ ብወኪሉ ወይ ኣኽባር ሕጊ ባዕሉ ምስ ዘመልክቱ ኢዩ።

ዓንቀጽ 91፡ንፍርዲ ዳግም ንምርኣይ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ

1. ብዓንቀጽ 90 መሰረት ንጉዳያት ዳግም ዝርኢ ቤት ፍርዲ ብፕረሲደንት ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲን ክልተ ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲን ይውሰን። እዚ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጉጅለ'ዚ ነቲ ጉዳይ ባዕሉ ክርእዮ ወይ ካልኦት ኣብያተ-ፍርዲ ክርእያኦ ክውስን ይኽእል። እቲ ጉዳይ ንኽርእ ወይ ንኽይርእ ዝህቦ ውሳኔ ይግባይ ኣይበሃለሉን።

2. እቲ መዝነት ዝተዋህቦ ቤት-ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ከም ብሓድሽ ርእዩ ይውስን። እቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ከኣ ልክዕ ከም ኩሉ ሓዲሽ ጉዳይ ናይ ይግባይ መሰሎም ዝተሓለወ ኢዩ።"

ምዕራፍ 3፡ ተነፊጉካ ዝነበረ መሰላት ምምላስ

ዓንቀጻት ፡ 218 - 219 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም።

# ሻብዓይ መጽሓፍ

## ኣብ ገበናዊ ጉዳያት ዝኸፈል ወጻኢታት

ዓንቀጻት ፡ 220 - 222 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

# ሻሙናይ መጽሓፍ

## ዝተቐላጠፈ ስርዓት ዝጥቀም ናይ ኣጥብያ ዳኛ ቤት-ፍርዲ

ዓንቀጻት ፡ 223 - 227 ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን ።

## ብዛዕባ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሕጊ ዝርከቡ ሰሌዳታት

ብዘይካ ኣብ ቀዳማይ ሰሌዳ ፡ ካብ ዓንቀጽ 296 ክሳብ 353 ፡

ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሳልሳይን ዓምድታት ተዋሂቦም ዘለዉ ዝር ዝራት ኩሎም እቶም ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሕጊ ተዋሂቦም ዘለዉ ቀዳማይ፡ካልኣይ፡ሳልሳይ ሰሌዳታት ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም።

እቶም ኣብ ቀዳማይ ሰሌዳ፡ ካብ ዓንቀጽ 296 ክሳብ 353 ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሳልሳይን ዓምድታት ተዋሂቦም ዘለዉ ዝርዝራት ግን ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሑሎምን።

## እዚ መሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት'ዚ ምስ ካልኦት መግዛእታዊ

## ገበናዊ ሕግታት ዘለዎ ዝምድና

ኩሎም ነዚ ንመሰጋገሪ እዋን ክስርሑሉ ተኣዊጁ ዘሎ ሕጊ ገበ ናዊ ስርዓት ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ዝጸረሩ መግዛእታዊ ሕግታት ወይ ነቲ ናይ ቅድም ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ዘመሓየሹ መግዛእታዊ ሕግታት ንጹጋት ይኾኑ።